# ዜና_070815

## አዲስ አበባ፡ብኣስመራ ዝተመወለ ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ኣበርዒነዮ ትብል።

ትማሊ ሰሉስ ሃገራዊ ድሕነትን ኣንጻር ግብረ ሽበራ ዝስልል ፌደራላዊ ፖሊስን ናብ ማዕከናት ዜና ኢትዮጵያ ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንዝተሓስበ ናይ ግበረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ በርዒንናዮ ይብሉ።

እቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣገልግሎት ዜና ኢትዮጵያ ዝወጸ ዜና፡።እቲ ግብረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ኣስመራ ዝመወለቶን ብግንባር ሓርነት ኦሮሞ ክግበር ዝተዓለመ 'ዩ ይብል ።

ብተወሳኺ እቲ ዜና እቲ ዝተሓስበ ግበረ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ምስቲ ኢትዮጵያ ድሕሪ ውሑድ ሰሙናት ከተብዕሎ ትሓስብ ዘላ ሚለንየም ዝተኣሳሰረ ከምዝኾነን ትሕተ ቕርጽታት፡ ናይ ህዝቢ ትካላትን፡ፕረዚደንት ናይ ኣዳማ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዩኒቨርስቲ ዝርከብዎም ቅትለት ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ዝዓለመ ከምዝኾነ ይትንትን።

ነቲ መጥቃዕቲ ድሉዋት ዝነበሩ ሰባት ኣብ ቀይዲ ኣትዮም ኣለዉ።

## ኣብ ዶብ ኤርትራ ጀቡቲን ኢትዮጵያን ዝርከብ ብዓፋር ዝፍለጥ ከባቢ እሳቶ ጎመራ ንቱጉ 2 ሰባት ኣበይ ከምዝኣተዉ ኣይተፈልጠን።

ኣብ ዶብ ኤርትራ ጀቡቲን ኢትዮጵያን ዝርከብ ብዓፋር ዝፍለጥ ከባቢ እሳቶ ጎመራ ንቱጉ 2 ሰባት ኣበይ ከምዝኣተዉ ኣይተፈልጠን ይብል ሬይተርስ።

እቲ ዜና፡እቲ ሓደጋ እሳተ ጎመራ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ቴሩ ኣብ ዝተባህለ ኣብ ምድሪ ሃገረ ኢትዮጵያ ዝርከብ ቦታ ከምዝተላዕለን ኣብቲ ኸባቢ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ኣብ፡ዳሽሉን ጎሞይታን ዝተባህላ ዓድታት ዝነብሩ ተቐማጠ ካብቲ ቦታ ሃዲሞም ኣለዉ ይብል ሮይተርስ ንኢትዮጵያ መርበብ ሓበሬታ ተባሂሉ ዝፍለጥ ምንጪ ዜና ብምጥቃስ ።

ኣብዚ ከባቢ ዝርከቡ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት ኣብ በበይኑ እዋናት ዝፈልሓ እሳተ ጎመራ ክተፍኡ ጸኒሖም'ዮም።ብዛዕባ ስነ-ፍልጠት እሳተጎመራ ዘጽንዑ ምሁራት ድማ፡ኣብዚ ቦታታት ዓበይቲ ተርእዮታት እሳተ ጎመራ ክይለዓሉ ስግኣት ኣሎ ይብሉ።